ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግዝኣት ዋሽንግተን፣ KING COUNTY

# ኣብቲ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ዘጋጠመ ንበዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) ዘካተተ ናይ መረዳእታ ጥሕሰት፣ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክሪእዎ ዘይግበኦም ኣካላት እንተርእየሞ/ወይ እንተወሲዶሞ ካብ ናይ መደቓቕሲ ደርቢ ክሲ ክፍሊት ክትረክብ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ።

ተወከሱ ቤት ፍርዲ ነዚ ምልክታ ፍቓድ ሂብሉ ኣሎ። እዚ እተ ጠበቓ ዘቕረቦ ምሕጽንታ ኣይኮነን።

**እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ልዕሊ መሰላትካ ጽልዋ ክሕድር ይኽእል እዩ። በኽብረትኩም ብጥንቃቐ ኣንብብዎ።**

- ኣብ ልዕሊ በዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል (“SHA” ወይ “ተኸሳሲ”) ኣብ ዝቐረበ ደርባዊ ክሲ፣ ምስቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 ዝተፈጸመ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ዝተኣሳሰር፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ገበነኛታት ሳይበር ናይ ገለ ውልቀሰባት ውልቃዊ ሓበሬታ ዝሓዙ ሰነዳት (“ምጥሓስ መረዳእታ”) ርእዮም/ወይ ወሲዶም ክኾኑ ዝኽእሉሉ ክሲ፡ መደቓቕሲ እማመ ቀሪቡ ኣሎ። SHA ንኹሉ ኣብ ልዕሊኡ ዝቐረበ ክሲ ነጺግዎ ኣሎ ከምኡ ድማ ንኹሉ ናይ በደል ወይ ተሓታትነት ክስታት ይነጽግ ኣሎ። እቲ መደቓቕሲ በደል ከምዝተፈጸመ ምእማን ወይ ተኸሳሲ ዝኾነ ሕጊ ከምዝጠሓሰ ዘመልክት ዘይኮነስ ዘካትዕ ጥርዓናት ምፍታሕ እዩ።
- እቲ መደቓቕሲ ንናይ መደቓቕሲ ጥቕምታት $486,000.00 ዝግመት ናይ መደቓቕሲ ማዕከን ገንዘብ ምፍጣር የገድድ (ሕቶታት 7–9 ርአ)። ብተወሳኺ፣ እቲ ናይ መደቓቕሲ ማዕከን ገንዘብ፣ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ናይቲ ምምሕዳር ወጻኢታት ጥርዓናትን፣ ናይ ጠበቓታት ክፍሊትን ወጻኢታትን ሽልማት፣ ከምኡ'ውን ብቤት ፍርዲ ንዝተወሰነ ናይ ክስስቲ ተወከልቲ ናይ ኣገልግሎት ሽልማት ክኸፍል እዩ።
- ስጉምቲ ውሰድ ኣይትውሰድ ብዘየገድስ ሕጋዊ መሰላትና ይጽለዉ እዮም። ነዚ ብጥንቃቐ ኣንብብዎ። ምሉእ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ፣ www.SeattleHADataIncident.com or call toll-free 1-844-405-6502. ተወከሱ

| ኣብዚ መደቓቕሲ ዘለኩም ሕጋዊ መሰላትን ኣማራጺታትን | |
|---|---|
| ክሳብሕዳር 19, 2025 ናይጥርዓን ቕጥዒ ፤ ከተቕርቡ ፣ ኣለኩም | ዝኾነ ናይ መደቓቕሲ ጥቕምታት ክትረኽቡ እትኽእሉሉ እንኮ መገዲ። |
| ዘይምስታፍ ብምምራጽ ገዛእ ርእስኻ ኣግልል፤ 20 ጥቅምቲ 2025 | ዝኾነ ጥቕምታት ኣይትርከቡ። በዚ መደቓቕሲ ዝተፈትሐ ተመሳሳሊ ጥርዓን ኣብ ልዕሊ SHA ናይ ገዛእ ርእስኻ ውልቃዊ ክሲ ናይ ምቕራብ መሰልካ ሓልዎ። |
| ነቲ መደቓቕሲ ክሳብ፤ 20 ጥቅምቲ 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ ክትቃወሞ ትኽእል ኢኻ | ስለምንታይ እቲ መደቓቕሲ ክጸድቕ ኣለዎ ኢልካ ከም ዘይትኣምን ምኽንያታትካ ንቲ ቤት ፍርዲ ሓብሮ። ብተወሳኺ ኣብቲ ኣብ ዕለት **5 ታሕሳስ 2025** ዝካየድ መስርሕ መጋባእያ ፍርዲ፣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ብምቕራብ ወይ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ከየቕረብካ፣ ብዛዕባ ፍትሓውነት ናይቲ መደቓቕሲ ንምዝራብ ንቲ ቤት ፍርዲ ክትሓትቶ ትኽእል ኢኻ። |
| ዋላ ሓንቲ ኣይትግበር | ዝኾነ ይኹን ጥቕሚ ኣይትርከብ እሞ ብውዕላት ናይቲ መደቓቕሲ ዝተቐየደ ኹን። |

- እዞም መሰላትን ኣማራጺታትን – ከምኡ'ውን ንምጥቃሞም ዝወሃቡ ናይ መወዳእታ ግዜታት – ኣብዚ ምልክታ ተገሊጹ ኣሎ።
- እቲ ነዚ ጉዳይ ዝመርሕ ቤት ፍርዲ ገና ነቲ መደቓቕሲ ክጽድቖ ድዩ ኣይክጽድቕን ክውስን ኣለዎ። ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ፍቓድ ምስ ሃበ ከምኡ ውን ዝኾነ ይግባይ ምስተፈትሐ፣ ናይ መደቓቕሲ ጥቕምታት ክወሃብ እዩ።

**ሕቶታት? ኣብ www.SeattleHADataIncident.com ተወከሱ ወይ ናብ ነጻ መስመር 1-844-405-6502ደውሉ።**

## እዚ ምልክታ እንታይ ዝሓዘ ምኧኑ


መሰረታዊ ሓበሬታ ............................................................ ገጽ 3

1. ስለምንታይ እዚ ምልክታ እዚ ይወሃበኒ ኣሎ?
2. እዚ ክሲ እዚ ብዛዕባ እንታይ እዩ?
3. ደርባዊ ስጉምቲ እንታይ ማለት እዩ?
4. ስለምንታይ መደቓቐሲ ይግበር ኣሎ?

መን ኣብቲ መደቓቐሲ ተኻቲቱ ኣሎ? ............................................................ ገጽ 3

5. ኣካል ናይቲ መደቓቐሲ ምኧነይ ብኸመይ ይፈልጥ?
6. ዝተኻተተ ካብ ምኧን ዝኽልክሉ ነገራት ኣለዉ ድዮም?

ናይ መደቓቐሲ ጥቕምታት—ብቑዕ እንተኾንካ እንታይ ከም ትረክብ ............................................................ ገጽ 4

7. እቲ መደቓቐሲ እንታይ ይህብ?
8. ካብቲ መደቓቐሲ እንታይ ክረክብ ይኽእል?
9. ኣብ ደርቢ እንተጸኒሐ እንታይ ይገድፍ ኣለኹ?

ከመይ ጌርካ ጥቕሚ ትረክብ—ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ምቕራብ ............................................................ ገጽ 5

10. ከመይ ጌረ ክፍሊት ክረክብ ይኽእል?
11. ክፍሊተይ ክንደይ ክኸውን እዩ?
12. መዓስ እየ ክፍሊተይ ክረክብ?

እቶም ዝውክሉኻ ጠበቓታት ............................................................ ገጽ 5

13. ኣብዚ ጉዳይ ጠበቓ ኣለኒ ድዩ?
14. ናይ ገዛእ ርእሰይ ጠበቓ ክምጽእ ኣለኒ ድዩ?
15. እቶም ጠበቓታት ብኸመይ ክኽፈሉ እዮም?

ካብቲ መደቓቐሲ ገዛእ ርእስኻ ምግላል ............................................................ ገጽ 6

16. ካብቲ መደቓቐሲ ብኸመይ ክወጽእ ይኽእል?
17. ኣነ ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ እንተኾይነ እሞ ዘይምስታፍ እንተመሪጸ፣ ድሕሪ ሕጂ ነዚ ተኸሳሲ ኣብ ተመሳሳሊ ነገር ክኸሶ ይኽእል'ዶ?
18. ዘይምስታፍ እንተመሪጸ እንታይ የጋጥም?

ኣብ ልዕሊ እቲ መደቓቐሲ ርእይቶ ምሃብ ወይ ምቅዋም ............................................................ ገጽ 7

19. ከመይ ጌረ ነቲ መደቓቐሲ ከምዘይፈተኽዎ ንቤት ፍርዲ ክነግሮ ይኽእል?
20. ኣብ መንጎ ምቅዋምን ክትሳተፍ ዘይምምራጽን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

ናይ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ ............................................................ ገጽ 7-8

21. ቤት ፍርዲ መዓስን ኣበይን እዩ ነቲ መደቓቐሲ ከጽድቖን ከየጽድቖን ክውስን?
22. ናብቲ ናይ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ ክመጽእ ኣለኒ ድዩ?
23. ኣብቲ መጋባእያ ክዛረብ ይኽእል ድየ?

ወላ ሓንቲ እንተ ዘይጌረ ............................................................ ገጽ 8

24. ፈጺመ ዋላ ሓንቲ እንተዘይገይረ እንታይ የጋጥም?

ተወሳኺ ሓበሬታ ምርካብ ............................................................ ገጽ 8

25. ብዛዕባ እቲ መደቓቐሲ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?
26. ብኸመይ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል?

## መሰረታዊ ሓበሬታ

### 1. ስለምንታይ ምልክታ ይወሃበኒ ኣሎ?

ኣብ እዋን ጥሕሰት መረዳእታ ሓበሬታኡ ብዘይሕጋውያን ሰባት ዝተራእየን/ወይ ዝተወሰደን ሰብ ኮይንካ ስለዝተረኸብካ፣ ናይ ፖስትካርድ (ካርቶሊና) ወይ ናይ ኢመይል ምልክታ ተቐቢልካ። ገለ ኣብ እዋን እቲ ጥሕሰት መረዳእታ ውልቃዊ ሓበሬታና ተራእዩ ወይ ተወሲዱ እዩ ዝብሉ ውልቀሰባት ኣብ ልዕሊ SHA ደርባዊ ክሲ ኣቕሪቦም። SHA ነቲ ክሲ ብምንጻግ፣ እቲ ጉዳይ ናብ ፍርዲ እንተተሰጋጊሩ ተሓታቲ ኮይነ ኣይርከብን እየ ብምባል ድማ ነጺጉዎ። ሕጂ እቶም ወገናት ብዛዕባ እቲ ክሲ፣ ሓደ መደቓቐሲ እማመ ኣቕሪቦም ኣለዉ።

ቤት ፍርዲ ኣብዚ ደርባዊ ክሲ ዝተበጽሐ መደቓቐሲ እማመ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ፍቓድ ምሃብን ዘይምሃብን ቅድሚ ምውሳኑ ብዛዕባ ኩሉ ኣማራጺታትካ ክትፈልጥ መሰል ስለዘለካ ምልክታ ክቐርብ መምርሒ ሂቡ። ቤት ፍርዲ ነቲ መደቓቐሲ እንተድኣ ኣጽዲቑዎ፣ ከምኡ ድማ ዝኾነ ተቓውሞታት ወይ ይግባይ እንተሃልዮም እሞ እንተተፈቲሖም፣ እቲ ብቤት ፍርዲ ዝተመዘዘ ኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ነቲ ናይ መደቓቐሲ ጥቕምታት ነቶም ቅቡል ጥርዓን ዘቕረቡ ኣባላት መደቓቐሲ ደርቢ ክዕድል እዩ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ልዕሊ SHA ዝቐረቡ ኣብ ምጽራይ ዝርከቡ ሕጋዊ ክስታት ክልቀቑን ክንጸጉን እዮም።

እዚ ምልክታ እዚ ነቲ ክሲ፣ እቲ መደቓቐሲ፣ ሕጋዊ መሰላትካ፣ እንታይ ዓይነት ጥቕምታት ከም ዘሎ፣ ጥቕምታት ንምርካብ መን ብቑዕ ምዃኑን ብኸመይ ከም ጌርካ ከም እትረኽቦን ይገልጽ። እቲ ጉዳይ Lewis et al. v. በዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል፣ ቁጽሪ ጉዳይ 24- 2-16171-6 SEA፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግዝኣት ዋሽንግተን፣ ኣውራጃ King ንውሳነ ኣብ ምጽባይ ይርከብ።

### 2. እዚ ክሲ እዚ ብዛዕባ እንታይ እዩ?

እቶም ከሰስቲ፣ SHA በቲ ጥሕሰት መረዳእታ ተሓታቲ ምዃኑን ኣብ ልዕሊ SHA ብዙሕ ሕጋዊ ክስታት ከምዘቕረቡን ይገልጹ። SHA ንነፍሲ ወከፍን ንኹሉን ኣብቲ ጉዳይ ኣብ ልዕሊኡ ዝቐረበ ጥርዓናትን ክርክራትን ይነጽግ።

### 3. ደርባዊ ክሲ እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ደርባዊ ክሲ፣ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ "ወከልቲ ደርቢ" ዝበሃሉ ሰባት፣ ንነብሶምን ካልኦት ተመሳሳሊ ክሲ ኣለዎም ንዝበልዎም ሰባትን ወኪሎም ይኸሱ። እዞም ጉጅለ ሰባት እዚኦም "ደርቢ" ይበሃሉ፣ እቶም ኣብቲ ደርቢ ዘለዉ ሰባት ድማ "ኣባላት መደቓቐሲ ደርቢ" ወይ "መደቓቐሲ ደርቢ" ይበሃሉ። ብዘይካ ናይቶም ካብቲ መደቓቐሲ ደርቢ ገዛእ ርእሶም ዘግለሉ ሰባት፣ ናይ ኩሎም ኣባላት መደቓቐሲ ደርቢ ጉዳያት ሓደ ቤት ፍርዲ ይፈትሖ እዩ። ኣብዚ ክሲ ኣቕሪቦም ዘለዉ ሰባት—ማለት ላኪሻ ሉዊስን ዛሪና ስሌፕን—ከሰስቲ ይበሃሉ። እቲ ዝኸሰስዎ ኣካል ማለት—SHA—ተኸሳሲ ይበሃል።

### 4. ስለምንታይ መደቓቐሲ ይግበር ኣሎ?

ቤት ፍርዲ ምስ ከሰስቲ ወይ ተኸሳሲ ብምውጋን ንሓዲኦም ጥራይ ዘርሕብ ውሳነ ኣይሃበን። ኣብ ክንድኡ ክልቲኦም ወገናት መዕለቢ ክግበር ተሰማሚዖም ኣለዉ። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ካብ ወጻኢታትን ሓደጋታትን ናይ መርሕ ፍርዲ ይርሕቑ፣ ኣባላት መደቓቐሲ ደርቢ ድማ ጥቕሚ ወይ ካሕሳ ክረኽቡ ይኽእሉ። ወከልቲ ደርብን ኣማኸርቲ ደርብን እቲ መደቓቐሺ ነቲ መደቓቐሲ ደርቢ ብዝበለጸ ዘርብሕ እዩ ኢሎም ይሓስቡ።

## መን ኣብቲ መደቓቐሲ ተኻቲቱ ኣሎ?

### 5. ኣካል ናይቲ መደቓቐሲ ምዃነይ ብኸመይ ይፈልጥ?

እቲ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ብኸምዚ ዝስዕብ ይግለጽ:- "ኩሎም ኣብ እዋን ጥሕሰት መረዳእታ ውልቃዊ ሓበሬታኦም ዝተረኸበን/ወይ ዝተወሰደን ነበርቲ ኣመሪካ።" ኣስታት 72,000 ኣባላት ደርቢ ኣለዉ።

### 6. ኣብቲ መደቓቐሲ ዝተኻተተ ካብ ምዃን ዝኽልክሉ ነገራት ኣለዉ ድዮም?

እወ፣ እቲ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ነዞም ዝስዕቡ ብፍሉይ ይግለል፤ (1) ነዚ ክሲ ዝመርሑ ዳያኑ፣ ከምኡ'ውን ቀጥታውያን ኣባላት ስድራቤቶም፤ (2) ተኸሳሲ፣ መለስተኛ ትካላቱ፣ ቀንዲ ኩባንያታት፣ ተካእቲ/ወረስቲ፣ ቅድሚኡ ዝነበሩ፣ ከምኡ'ውን መቆጻጸሪ ደልቢ ዘለዎ ተኸሳሲ ወይ ወለዱ ከምኡ ውን ናይ ሕጂ ወይ ናይ ቀደም መኮንናቱን ዳይረክተራቱን ዝኾነ ይኹን ኣካል፤ ከምኡ'ውን (3) ቅድሚ እቲ ናይ ዘይምስታፍ ምርጫ መብቅዒ ግዜ ቅቡል ናይ ምግላል ሕቶ ዘቕርቡ ኣባላት መደቓቐሲ ደርቢ።

## 7. እቲ መደቓቕሲ እንታይ ይህብ?

ብመሰረት እቲ መደቓቕሲ፣ SHA $486,000.00 ዝግመት ተመላሲ ዘይከውን ናይ መደቓቕሲ ማዕከን ገንዘብ ክምስርት እዩ። እዚ ገንዘብ እዚ ንኹሎም ብኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ፣ ብናይ ምልክታን ምምሕዳርን ወጻኢታት፣ ብሽልማት ኣገልግሎት፣ ከምኡ'ውን ብናይ ጠበቓታት ክፍሊትን ወጻኢታትን ዝቐርቡ ቅቡላት ጥርዓናት ንምኽፋል ክውዕል እዩ። ዝኾነ ፍጻመ ኣብ ዘይተረኸበሉ SHA ልዕሊ $486,000.00 ክኸፍል ይኽእል ድዩ።

## 8. ካብቲ መደቓቕሲ እንታይ ክረክብ ይኽእል?

ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ፣ ሓደ ወይ ልዕሊ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ናይ ገንዘብ ጥቕምታት ንምርካብ ጥርዓን ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም።

- **ካብ ጁባ ዝወጸ ክሳራታት መኸሓሓሲ ገንዘብ።:** ኩሎም ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ፣ ንሕደ ዝተሰነደ ካብ ጁባ ዝወጸ ክሳራታት፣ ዝለዕለ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላርን ዜሮ ሳንቲምን ($5,000.00) ንምርካብ ጥርዓን ክቐርቡ ይኽእሉ። ካብ ጁባ ዝወጽኡ ክሳራታት፣ ማለት ሓደ ተሳታፊ ኣባል መደቓቕሲ ደርቢ ዘጥፍኦ ገንዘብ፣ መከሓሓሲ ገንዘብ ክውሃቦ ዘይክእል ወጻኢታት ወይ ክሳራታት ማለት ኮይኑ፣ ብርትዓዊ ኣገባብ ኣብቲ ጥሕሰት መረዳእታ ኣሰሩ ክርከብ ዝከኣል ምስኡ ድማ ብዘይ ገደብ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል እዩ፤ (i) ምስ ምትላል ወይ ስርቂ መንነት ዝተተሓሓዘ ዘይተኸሓሓሰ ክሳራ፤ (ii) ናይ ጠበቓታት ክፍሊት፣ ናይ ሰራሕተኛ ሕሳብ ክፍሊት፣ ከምኡ'ውን ናይ ኣገልግሎት ጽገና ልቓሕ ክፍሊት ዘጠቓለለ ሞያዊ ክፍሊት፤ (iii) ድሕሪ 9 ነሓሰ 2023 ምስ ዝኾነ ናይ ልቓሕ ጸብጻብ ዝህብ ትካል ምስ ምድስካል ልቓሕ ወይ ደስኪሉ ዝነበረ ልቓሕ ምልቃቕ ዝተኣሳሰር ወጻኢታት፤ (iv) ካብ 9 ነሓሰ 2023 ወይ ድሕሪኡ ጀሚሩ ክሳብ እቲ ጥርዓን ዝቐረበሉ ዕለት ልቓሕ ንክትታል ዝጠፍኡ ወጻኢታት፤ ከምኡ'ውን (v) ከም ናይ ሳምዕተኛ፣ ናይ ፋክስ፣ ናይ ፖስታ፣ ናይ ቅዳሕ፣ ናይ ውልቃዊ ተሽከርካሪትን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ቴሌፎንን ክፍሊታት ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ወጻኢታት። ካብ ጁባኦም ዝወጽኡ ክሳራ ዘለዎም ተሳተፍቲ ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ ነቲ ጥርዓን ንምግምጋም ዘድሊ ሓበሬታ ንኣመሓዳሪ መደቓቕሲ ክህቡ ኣለዎም፣ እዚ ድማ፦ (1) ናይቲ ተሳታፊ ኣባል መደቓቕሲ ደርቢ ስምን ህሉው ኣድራሻን፤ (2) ንጥርዓኖም ዝድግፍ ሰነዳት፤ (3) ናይቲ ክሳራ እብታይነት ዝገልጽ ሓጺር መግለጺ፣ ናይቲ ክሳራ እንታይነት ካብቲ ሰነድ ብምውካስ ጥራይ ንጹር እንተዘይኮይኑ፤ ከምኡ'ውን (4) እቲ ተሳታፊ ኣባል መደቓቕሲ ደርቢ ነቲ ዝኸሰሮ ብኻልእ ምንጪ ከምዘይተመልሰሉ ዘረጋግጽ መግለጺ። ነቲ ጥርዓን ዝድግፉ ሰነዳት፣ ከም ቅብሊታት ወይ ካልእ እቲ ጥርዓን ዘቕርብ ነቲ ዝወጸ ወጻኢታት ዝስነድ "ብገዛእ ርእሱ ዘየዳለዎም" ሰነዳት ክጠቓለል ይኽእል። ከም ብኢድ ዝተጻሕፈ ቅብሊታት ዝኣመሰሉ "ብገዛእ ርእሲ ዝተዳለዉ" ሰነዳት፣ መከሓሓሲ ገንዘብ ንምርካብ እኹላት ኣይኮኑን፣ እንተኾነ ግን ንኻልኦት ዝቐረቡ ሰነዳት ከም ንጹርነት ዝውስኹ ወይ ዝድግፉ ክሕሰቡ ይኽእሉ እዮም።

- **ንዝተመስከረሉ ግዜ መከሓሓሲ ገንዘብ፦** ተሳተፍቲ ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ ንዝተመስከረሉ ግዜ ክሳብ ኣርባዕተ (4) ሰዓታት ዝኸውን መከሓሓሲ ገንዘብ ብመጠን ዕስራን ሓሙሽተን ዶላርን ዜሮ ሳንቲምን ($25.00) ኣብ ሰዓት ይወሃበን ብምባል ጥርዓን ክቐርቡ ይኽእሉ። ተሳተፍቲ ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ፣ ኣንጻር እቲ ጥሕሰት መረዳእታን ምስ ነፍሲ ወከፍ ክሲ ዝተኣሳሰር ግዜን ዝተወስዱ ስጉምትታት ሓጺር መግለጺ ዘለዎ ናይ ዝተረጋገጸ ግዜ መከሓሓሲ ገንዘብ ክረኽቡ ይኽእሉ። ንዝተረጋገጸ ግዜ ዝምልከት ጥርዓናት ንሓደ ውልቀ ሰብ ሚእቲ ዶላርን ዜሮ ሳንቲምን ($100.00) ይውሰን።

- **ኣማራጺ ብጥረ ገንዘብ ክፍሊት:** ተሳተፍቲ ኣባላት መደቓቕሲ ደርቢ ካብ ጁባኦም ዝወጸ ክሳራታት ንምክሕሓስ ወይ ንዝተረጋገጸ ግዜ መከሓሓሲ ንምርካብ ጥርዓን ኣብ ክንዲ ዘቕርቡ፣ ኣማራጺ ክፍሊት ጥረ ገንዘብ ዝምልከት ጥርዓን ክቕርቡ ይኽእሉ። ሓደ ተሳታፊ ኣባል መደቓቕሲ ደርቢ፣ ኣማራጺ ክፍሊት ጥረ ገንዘብ ንምርካብ ዘቕረቦ ጥርዓን ዝድግፍ ዝኾነ ሰነድ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ከቕርብ ኣይግደድን እዩ። ይኹን እምበር፣ እቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ፣ እቲ ተሳታፊ ኣባል መደቓቕሲ ደርቢ፣ ኣብ ክንዲ ብመሰረት እዚ ናይ መደቓቕሲ ስምምዕ ዝቐርብ ካልእ ጥቕምታት፣ ነቲ ኣማራጺ ክፍሊት ጥረ ገንዘብ ክሓትት ይመርጽ ከምዘሎ ብንጹር ክሕብር ኣለዎ። መጠን ናይቲ ናይ ገንዘብ ሽልማት ከከም ብዝሒ ዝቐረቡ ቅኑዓት ጥርዓናትን ነዞም ክፍሊታት ዝኸውን ዝቐረበ ገንዘብን ብመጠን ክውስኽ ወይ ክጎድል እዩ።

## 9. ኣብ ደርቢ እንተጸኒሐ እንታይ ይገድፍ ኣለኹ?

ኣባል ናይ መደቓቕሲ ደርቢ እንተኾንካ እሞ ካብቲ ናይ መደቓቕሲ ገዛኣ ርእስኻ እንተዘይኣግሊልካ፣ ነቲ በዚ ናይ መደቓቕሲ ዝወጽእ ጥርዓናት ዝምልከት ኣብ ልዕሊ SHA ወይ ካልኦት ዝተለቐቑ ወገናት ናይ ምኽሳስ፣ ምኽሳስ ናይ ክትቅጽል፣ ወይ ኣካል ናይ ዝኾነ ካልእ ክሲ ክትከውን ዘለካ መሰል ክትገድፎ ኢኻ። እቲ ናይ መደቓቕሲ ስምምዕ ኣብቲ ናይ መደቓቕሲ ደርቢ እንተጸኒሕካ ክትገድፎ እትኽእል ሕጋዊ ጥርዓን ይገልጽ። ነቲ ምሉእ ናይ መደቓቕሲ ስምምዕ ኣብ www.SeattleHADataIncident.com ክትርእዮ ትኽእሉ ኢኹም።

## ከመይ ጌርካ ጥቕምታት ትረክብ—ጥርዓን ምቕራብ

### 10. ከመይ ጌረ ክፍሊት ክረክብ ይኽእል?

ካብዚ ናይ መደቓቐሲ ዝኾነ ጥቕሚ ንምርካብ፣ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ መሊእካ ከተቕርብ ኣለካ። ናይ ጥርዓን ቅጥዕታት ብኢንተርነት ኣብ www.SeattleHADataIncident.com ከትቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ናብቲ ኣብ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ዘሎ ኣድራሻ ብፖስታ ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም። ናይቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ መምርሒታት ብጥንቃቐ ከም ዘንበብካን፣ ኩሉ ዘድሊ ሓበሬታ ከም ዝመላእካን ኣብቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ከም ዝፈረምካን ኣረጋግጽ።

እቲ ኣመሓዳሪ ናይ መደቓቐሲ ነቲ ናይ ጥርዓንካ ቅኑዕነትን መጠን ክፍሊትካን ንምውሳን ንጥርዓንካ ዳግም ክግምግሞ እዩ።

እዚ ዕጹው ደርቢ እዩ። እቶም ጥቕምታት ነቶም ፍሉይ መለለዪ መንነት ዘለዎም ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ኣባላት ጥራይ እዩ ዝወሃብ። ኩሎም ብናይ መደቓቐሲ ደርቢ ኣባላት ዘይኮኑ፣ ወይ ብፍሉይ መለለዪ መንነት ዘይብሎም ውልቀሰባት ዝቐርቡ ጥርዓናት ክንጸጉ እዮም። ናይ ሓደ መደቓቐሲ ደርቢ ኣባል እየ ኢልካ ትኣምን እንተኾይንካ ግን ፍሉይ መለለዪ መንነት እንተዘይብልካ፣ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ኣባል ምዃንካ ንምርግጋጽን ፍሉይ መለለዪ መንነትካ ንምርካብን ናብ ኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ብስልኪ ቁጽሪ 1-844-405-6502 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

### 11. ክፍሊተይ ክንደይ ክኸውን እዩ?

መጠን ክፍሊትካ ኣብቲ ዝጸደቐ መጠን ናይቲ ጥርዓንካን ጠቕላላ ዋጋ ናይ ኩሎም ዝጸደቑ ጥርዓናትን ይምርኮስ ኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ኣብቲ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ዝቐረበ ሓበሬታ ምሉእን ቅኑዕን ድዩ ወይስ ኣይኮነን ክውስን እዩ። ኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ካብ ዝኾነ ጠበቓ ተወሳኺ ሓበሬታ ክሓትት ይኽእል። ኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ካባኻ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደልዩ እሞ ንስኻ ድማ ኣብ እዋኑ እንተዘይሂብካዮ፣ ጥርዓንካ ምበሰረት ናይ ኣመሓዳሪ መድቓቐሲ ስልጣን ክኽፈል ኣይክእልን።

### 12. መዓስ እየ ክፍሊተይ ክረክብ?

ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባያ ሰዓት **9:00 ቅድሚ ቐትሪ ከካይድ እዩ። PT ዓርቢ 5 ታሕሳስ 2025** ነቲ መደቓቐሲ ክጽድቐ ድዩ ኣይጸድቕን ክውስን እዩ። ክፍሊታት ዝፍጸሙ እቲ መደቓቐሲ ምስተጸደቐን ናይ መወዳእታ ምስ ኮነን እዩ (ማለት ካብቲ እቲ መደቓቐሲ ዝጸደቐሉ እዋን ካብቲ ትእዛዝ ይግባይ ምባል የለን ማለት እዩ)። ብዛዕባ እቲ መደቓቐሲ ዝምልከት ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ናይቲ መደቓቐሲ መርበብ ሓበሬታ፣ www.SeattleHADataIncident.com ክለጠፍ እዩ። ብዛዕባ ናይ ክፍሊት ግዜ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃሊዩኩም፣ ንኣመሓዳሪ መደቓቐሲ ብኢመይል info@SeattleHADataIncident.comክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## እቶም ዝውክሉኻ ጠበቓታት

### 13. ኣብዚ ጉዳይ ጠበቓ ኣለኒ ድዩ?

እወ፣ ናይ ሕጊ ትካል Tousley Brain Stephens PLLC ነቲ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ይውክል። ንሳቶም ድማ ናይ ደርቢ ጠበቓ ይበሃሉ። ንዝህቡኻ ኣገልግሎት ክፍሊት ኣይክትከፍልን ኢኻ።

### 14. ናይ ገዛእ ርእሰይ ጠበቓ ክምጽእ ኣለኒ ድዩ?

ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ እንተደሊኻ፣ ክትቖጽር ትኽእል ኢኻ፣ እንተኾነ ግን ንዝኾነ እቲ ጠበቓ ዝህበካ ኣገልግሎት ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ክትወስድ ኢኻ። ንኣብነት ካብ ናይ ደርቢ ጠበቓ ወጻኢ ካልእ ሰብ ንዓኺ ወኪሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ እንተደሊኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርበልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ብዘይ ጠበቓ እውን ንባዕልኻ ክትቀርብ ትኽእል ኢኻ።

### 15. እቶም ጠበቓታት ብኸመይ ክኽፈሉ እዮም?

እቶም ነቲ ደርቢ ዝውክሉ ጠበቓታት ገና ናይቲ ዝህብዎ ሕጋዊ ኣገልግሎቶም ዝኾነ ክፍሊት ኣይረኸቡን እዮም ወይ ንዝኾነ ይኹን ካብ ጁባኦም ዝወጻ ክሳራታት መኪሓሓሲ ኣይረኸቡን እዮም። ናይ ደርቢ ጠበቓ፣ ንቤት ፍርዲ ናይ ጠበቓታት ክፍሊታት ካብቲ ናይ መደቓቐሲ መዓከን ገንዘብ ክህብ ክሓትት መደብ ኣለዎ፣ እዚ ግን ካብ ሰላሳ (30%) ሚእታዊት ናይቲ መደቓቐሲ ማዕከን ገንዘብ ወይ $145,800 ኣይበዝሕን እዩ። ብተወሳኺ ናይ ደርቢ ጠበቓ ንነፍሲ ወከፍ ካብቶም ክልተ (2) ወከልቲ ከሰስቲ ብኣርባዕተ ሽሕ ዶላርን ዜሮ ሳንቲምን ($4,000.00) ዝግመት ናይ ኣገልግሎት ሽልማት ክሓትት እዩ።

ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ደርቢ ጠበቓ ዝሓተቶ መጠን ክፍሊትን ወጻኢታትን ክሳራታትን ከምኡ'ውን ንወከልቲ ደርቢ ዝቐርብ ሽልማት እማመ ኣገልግሎት ክጽድቕ ድዩ ኣይጸድቕን ክውስን እዩ። ናይ ደርቢ ጠበቓ ቅድሚ **6 ጥቅምቲ 2025** ናይ ኽፍሊታት፣ ወጻኢታትን ሽልማት ኣገልግሎትን መመልከቲ ክቐርብ እዩ። እቲ መመልከቲ ኣብ ናይ መደቓቐሲ መርበብ ሓበሬታ፤ www.SeattleHADataIncident.com ክቐርብ ወይ ድማ ምስ ኣመሓዳሪ ናይቲ መደቓቐሲ ብምርኻብ ቅዳሕ ክወሃብካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## 16. ካብቲ መደቓቐሲ ብኸመይ ክወጽእ ይኽእል?

ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ እንተኾንካ እሞ ካብዚ መደቓቐሲ ዝኾነ ጥቕሚ እንተዘይደሊኻ፣ ከምኡ'ውን ኣብዚ ክርክር ብዛዕባ ዘለዉ ጉዳያት ንበዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል ባዕልኻ ናይ ምኽሳስ መሰልካ ክትሕሉ እንተደሊኻ፣ ሽዑ ካብቲ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ንምውጻእ ስጉምትታት ክትወስድ ኣለካ። እዚ ድማ ካብ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ገዛእ ርእስኻ ምግላል—ወይ "ዘይምስታፍ ምምራጽ" ይበሃል።

ክሳብ **20 ጥቅምቲ 2025 ኣብቲ ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ዘይምስታፍ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ**። ኣብዚ ዘይምስታፍ ንንምራጽ፣ ደብዳቤ ወይ ፖስትካርድ ብናይ ኣመሪካ ፖስታ ናብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክትሰድድ ኣለካ። ኣብ ደብዳቤኻ ወይ ፖስትካርድካ እዞም ዝስዕቡ ከተካትት ይግባእ፤

- ስም ናይቲ ክርክር፣ Lewis et al. v. በዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል፣ ቁጽሪ ጉዳይ 24-2-16171-6-SEA (ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግዝኣት ዋሽንግተን፣ ኣውራጃ King)፣ ወይ ብተመሳሳሊ ምስ ናይቲ ጉዳይ ስም ዝመሳሰል ነገር፤

- ምሉእ ስምካ፣ ህሉው ኣድራሻኻን ውልቃዊ ፌርማኻን፤

- ኣብ ላዕሊ ናይቲ ሰነድ "ናይ ምግላል ሕቶ" ዝብሉ ቃላት ወይ ኣብቲ ናይ መደቓቐሲ ክትሳተፍ ከም ዘይትደሊ ዝሕብር ንጹር መግለጺ።

ናይ ምግላል ሕቶኻ፣ ቅድሚ **20 ጥቅምቲ 2025**፣ ማሕተም ጾስጣ ዝተገብረሉ ደብዳበ፣ ናብዚ ዝስዕብ ክትሰዶ ኣለካ፤

ናይ SHA መደቓቐሲ መረዳእታ
P. O. Box 1068
Baton Rouge, LA 70821

እቲ ዝድለ ሓበሬታ እንተዘይኣካቲትካዮ፣ ሕቶኻ ከም ዘይቅቡል ይቑጸር እሞ ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ኮይንካ ክትቅጽልን በቲ መደቓቐሲ እንተላይ ኩሉ ናይ ምፍናው ክትቅየድን ኢኻ።

## 17. ኣነ ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ እንተኾይነ እሞ ዘይምስታፍ እንተመሪጸ፣ ድሕሪ ሕጂ ነዚ ተኸሳሲ ኣብ ተመሳሳሊ ነገር ክኸሶ ይኽእል'ዶ?

ኣይፋልን፣ ካብቲ መደቓቐሲ ገዛእ ርእስኻ ባዕልኻ እንተዘይኣግሊልካያ፣ እዚ መደቓቐሲ ዝፈትሖ ክሲ ንተኸሳሲ ናይ ምኽሳስ ዝኾነ ይኹን መሰል ትገድፎ ኢኻ።

## 18. ዘይምስታፍ እንተመሪጸ እንታይ የጋጥም?

ኣብቲ መደቓቐሲ ዘይምስታፍ እንተመሪጽካ፣ ከም ኣባል ናይቲ መደቓቐሲ ደርቢ ንኺንካ መጠን መሰል ኣይክህልወካን እዩ። ከም ኣካል ናይቲ መደቓቐሲ ክፍሊት ወይ ዝኾነ ይኹን ጥቕሚ ኣይክትረክብን ኢኻ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ በቲ መደቓቐሲ፣ ምልቃቕ፣ ወይ ብዝኾነ ተወሳኺ ትእዛዝ ወይ ፍርዲ ኣይትቕየድን ኢኻ። ኣብቲ ክርክር ዝቐረቡ ክስታት ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ናይ ምኽሳስ መሰልካ ክትሕሉ ኢኻ።

ብተወሳኺ፣ ኣብቲ መደቓቐሲ ዘይምስታፍ እንተመሪጽካ፣ እቲ መደቓቐሲ ድሕሪ ደጊም ስለዘይጸልወካ፣ ነዚ መደቓቐሲ ክትቃወሞ ኣይትኽእልን ኢኻ። ገዛእ ርእስኻ ንምግላል ነቲ ናይ መደቓቐሲ ሕቶ እንተተቓዊምካዮ፤ ተቓውሞኻ ይስረዝ እሞ ገዛእ ርእስኻ ከም ዘግለልካ ድማ ትቑጸር።

## ኣብ ልዕሊ እቲ መደቓቐሲ ርእይቶ ምሃብ ወይ ምቅዋም

### 19. ከመይ ጌረ ነቲ መደቓቐሲ ከምዘይፈተኽዎ ንቤት ፍርዲ ክነግር ይኽእል?

ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ እንተኾንካ እሞ ካብቲ ናይ መደቓቀሲ እንተዘይወጺእካ፣ ነቲ መደቓቐሲ ወይ ገለ ክፋሉ እንተዘይፈቲኻዮ ወይ እንተዘይተሰማሚዕካሉ ነቲ መደቓቐሲ ክትቃወሞ ትኽእል ኢኻ። ቤት ፍርዲ ንምንታይ ነቲ መደቓቐሲ ከጽድቖ የብሉን ኢልካ ከም ትሓስብ ንቤት ፍርዲ ምኽንያታት ክትህብ ትኽእል ኢኻ። ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምውሳኑ ርእይቶኹም ክምርምር እዩ።

**ተቓውሞታት ናይ ግድን ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ኣለዎም፤** (ኣብ) ስም ናይቲ መስርሕ ፍርዲ፤ ii) ናይቲ ኣባል መደቓቐሲ ደርቢ ምሉእ ስም፣ ናይ ሕጂ ናይ ፖስታ ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ተሌፎንን ናይ ኢመይል ኣድራሻን፤ (iii) ንጹር ምኽንያት ናይቲ ተቓውሞ፣ ከምኡ'ውን ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ መሰረትን ነቲ ተቓውሞ ዝድግፍ ሰነዳትን ብጽሑፍ ዝገልጽ መግለጺ፤ (iv) እቲ ተቓውሞ ነቲ ተቓዋሚ ጥራይ ድዩ ዝምልከት፣ ንፍሉይ ንኡስ ጕጅለ ናይቲ ደርቢ ወይ ንመላእ ደርቢ ዝምልከት ጽሑፋዊ መግለጺ፤ (v) ናይ ኩሎምን ነቲ ተቓዋሚ ዝውክሉ ጠበቓታት መንነት፤ (vi) ኣባል መደቓቐሲ ደርቢ (ወይ ጠበቓኡ) ኣብቲ ናይ መወዳእታ ምጽዳቕ መስርሕ መጋባእያ ክቐርብ ይሓስብ ድዩ ኣይሓስብን ዝምልከት መግለጺ፤ ከምኡ'ውን (vii) ፌርማ ናይቲ ኣባል መደቓቐሲ ደርቢ።

እዋናዊ ንኽኸውን፣ ብጽሑፍ ናይ ተቓውሞ ምልክታ በቲ ግቡእ ቅጥዒ፣ ቅድሚ **20 ጥቅምቲ 2025** ብማሕተም ጶስጣ ዝተገብረሉ ደብዳበ ናብ ናይ መደቐቐሲ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክለኣኽ ኣለዎ።

ናይ SHA መደቓቐሲ መረዳእታ
P. O. Box 1068
Baton Rouge, LA 70821

ዝኾነ ኣባል መደቓቐሲ ደርቢ ንተቓውሞ ዝምልከት ረቛሒታት ዘይተማልአ፣ ብፍሉይ ክቐርብን/ወይ ድማ ንውዕል መደቓቐሲ ኪቃወምን ክህልዎ ዝኽእል ዝኾነ ይኹንን ኩሉን መሰላት ይሓድግን ይስእንን ከምኡ'ውን ብኹሉ ውዕላት ናይቲ መደቓቐሲ ስምምዕን ብኹሉ ኣብቲ ስጉምቲ ዘሎ መስርሕ፡ ትእዛዛትን ፍርድታትን ይቐየድ። ንዝኾነ ይኹን ብድሆ ናይ መደቓቐሲ ስምምዕ ዝኸውን ፍሉይ መገዲ በቲ ኣብዚ ዝተቐመጡ ድንጋገታት ይኸውን

### 20. ኣብ መንጎ ምቅዋምን ክትሳተፍ ዘይምምራጽን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

ምቅዋም ማለትብንቤት ፍርዲ ብዛዕባ እቲ መደቓቐሲ ገለ ዝይትፈተኻዮ ነገር ከምዘሎ ምሕባር ማለት እዩ። ነቲ መደቓቐሲ ክትቃወሞ እትኽእል ኣባል ናይ መደቓቐሲ ደርቢ ምስ እትኸውንን ካብቲ መደቓቐሲ ምስ ዘይትወጽእን ጥራይ እዩ። ንነብስኻ ምግላል ማለት ኣብዚ መደቓቐሲ ኣካል ናይቲ ደርቢ ክትከውን ከም ዘይትደሊ ንቤት ፍርዲ ምሕባር ማለት እዩ። ካብቲ መደቓቐሲ ንነብስኻ እንተ ኣግሊልካያ፡ እቲ መደቓቐሲ ድሕሪ ደጊም ስለዘይጸልወካ፡ ክትቃወም ወይ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ከተቕርብ መሰረት የብልካን።

## ናይ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ

### 21. ቤት ፍርዲ መዓስን ኣበይን እዩ ነቲ መደቓቐሲ ከጽድቕን ከየጽድቕን ክውስን?

ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባያ ሰዓት **9:00 ቅድሚ ቐትሪ ክካይድ እዩ። PT ዓርቢ 5 ታሕሳስ 2025**፣ ኣብ King County ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ኣብ 516 3rd Ave, Room C-203, Seattle, WA 98104 ክካየድ እዩ። ኣብቲ መስርሕ መጋባእያ፣ ቤት ፍርዲ እቲ ዝተኣመመ መደቓቐሲ ፍትሓዊ፣ ርትዓውን እኹልን ድዩ ኣይኮነን ክምርምር እዩ። ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ደርቢ ጠበቓታት፣ ናይ ጠበቓታት ወጻኢታትን ክሳራታትን ንኽወሃብ ዝቐረበ ሕቶ ክርእዮ ይኽእል እዩ፤ ከምኡ'ውን ነቶም ናይ ደርቢ ወከልቲ ዝወሃብ ሽልማት ኣገልግሎት ከጽድቕ ድዩ ኣይጸድቕን ክውስን እዩ። ተቓውሞታት እንተሃልዮም ቤት ፍርዲ ኣብ ግምት ከእትዎም እዩ። ቤት ፍርዲ ኣብቲ መስርሕ መጋባእያ ከዛረቡ ካብ ዝሓተቱ ሰባት ክሰምዕ ክመርጽ ይኽእል። ኣብቲ መስርሕ መጋባእያ ወይ ድሕሪኡ ቤት ፍርዲ ነቲ መደቓቐሲ ከጽድቖ ድዩ ኣይጸድቕን ክውስን እዩ። ቤት ፍርዲ ውሳነኡ ክህበሉ ዘለዎ ናይ ግዜ ገደብ የለን።

### 22. ናብቲ ናይ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ ክመጽእ ኣለኒ ድዩ?

ኣይፋልን፣ ናይ ደርቢ ጠበቓ ንዝኾነ እቶ ቤት ፍርዲ ክህልዎ ዝኽእል ሕቶታት ክምልስ እዩ። ይኹን እምበር ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። ተቓውሞ እንተ ኣቕሪብካ ብዛዕባኡ ክትዛረብ ናብ ቤት ፍርዲ ምምጻእ ኣየድልየካን እዩ። ንኽትሳተፍ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ክትቖጽር እውን ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ግን ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ማለት እዩ፣ ግን ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ክትቖጽር ኣይትግደድን ኢኻ።

## 23. ኣብቲ መጋባእያ ክዛረብ ይኽእል ድየ?

ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ፍትሓውነት መስርሕ መጋባእያ ንኽትዛረብ ካብ ቤት ፍርዲ ፍቓድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ንምግባር ድማ ነቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሕቶ 19 ዝተዋህበ መምርሒታት ክትክተል ኣለካ። ካብቲ መደቓቕሲ ገዛእ ርእስኻ እንተኣግሊልካያ ኣብቲ መስርሕ መጋባእያ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ።

# ዋላ ሓንቲ እንተዘይገይርካ

## 24. ፈጺመ ዋላ ሓንቲ እንተዘይገይረ እንታይ የጋጥም?

ዋላ ሓንቲ እንተዘይገይርካ ካብዚ መደቓቕሲ ክፍሊት ኣይትረክብን ወይ ክትቅበል ብቑዕ ኣይትኸውንን። ቤት ፍርዲ ነቲ መደቓቕሲ እንተድኣ ኣጽዲቑዎ፣ ንስኻ ድማ ዋላ ሓንቲ እንተዘይገይርካ፣ በቲ ናይ መደቓቕሲ ስምምዕ ክትቅየድ ኢኻ። እዚ ማለት ክሲ ክትጅምር፣ ክሲ ክትቅጽል፣ ወይ ኣካል ናይ ዝኾነ ካልእ ክሲ ኣብ ልዕሊ በዓል መዚ ኣባይቲ ሲያትል ወይ ዝተለቐቑ ሰባት ብዛዕባ ኣብዚ ክሲ ዝተሳተፉ ጉዳያት፣ በዚ መደቓቕሲ ዝተፈትሑን ብናይ መደቓቕሲ ውዕል ዝተለቐቑን ክትኮኑ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ምርካብ

## 25. ብዛዕባ እቲ መደቓቕሲ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?

እወ፣ እዚ ምልክታ እዚ ነቲ ዝተኣመመ መደቓቕሲ ብሓጺሩ ዝገልጽ እዩ። ተወሳኺ ዝርዝር ኣብቲ ናይ መደቓቕሲ ስምምዕን ካልኦት ናይቲ ጉዳይ ሰነዳትን ኣብ www.SeattleHADataIncident.com ይርከብ።

## 26. ብኸመይ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ናይ መደቓቕሲ መርበብ ሓበሬታ www.SeattleHADataIncident.com፣ ተወከሱ፣ ኣብኡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፣ እዚ ድማ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ፣ ቅዳሕ ናይቲ መደቓቕሲ ስምምዕ፣ መልሲ ንሕቶታት ብዛዕባ እቲ መደቓቕስን ካልእ ነቲ ክፍሊት ብቑዕ ምኳንካ ንምፍላጥ ዝሕግዘካ ሓበሬታን ዘጠቓለለ እዩ።

ንኣመሓዳሪ መደቓቕሲ ብነጻ ስልኪ 1-844-405-6502 ርኸቦ ወይ ብጽሑፍ ናብ፤

ናይ SHA መደቓቕሲ መረዳእታ
P.O. Box 1068
Baton Rouge, LA 70821

**ብዛዕባ እዚ መደቓቕሲ ወይ ናይ ጥርዓን መስርሕ ንምሕታት ምስ ቤት ፍርዲ፣ ምስ ቤት ጽሕፈት ጸሓፊ ቤት ፍርዲ፣ ወይ ተኸሳሲ ኣይትርራኽቡ።**